ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.253 ሓሙስ 22 ሰነ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
"ሞያ ስለ ዘፕረና፡ ብኣታዊታትና ናብራና ንመርሕ ኣለና" . . .



ገጽ 3
ዕቱብ ገምጋም ንኣድማዒ ስራሕን ውሑስ መጻኢን



ገጽ 4
"ስነ-ጥበብ ኣብ ዝኽሪ ሓበን"



ገጽ 5
ምልክታ

ገጽ 7
ከረን - ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተኻይዱ



# ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ይቕጽል ኣሎ



20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ኡጋንዳ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣንጎላ፡ ስዑድያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣስትርያን፡ ነታ ዕለት ብዘንጸባርቕ ማሰናድኣታት ተዘኪሩ።

ኣብ ከተማ ለንደን - ዓባይ ብሪጣንያ፡ ልዕሊ 3 ሽሕ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ናይ እግሪ ጉዕዞን ምብራህ ሸምዓን ኣብ ዘጠቓለለ መደብ፡ 20 ሰነ - ስለ'ዛ ሃገር ዝተበጀዉ ሰማእታት ብሓበን እንዝከረላን ስድራ-ቤቶም ንምጥዋር መብጽዓና እነሐድሰላን ረዝን ዕለት ምዃና መብርሂ ተዋሂቡ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ታሪኽን ክብርታትን ኤርትራ ናብ ሓደስቲ ወለዶ ብዘውርስ ኣገባብ ከም እተኻየደ ተፈሊጡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ኡጋንዳ፡ ብፀንድ ምረሻ ተሰንዮም ኣብ ዓበይቲ ጎደናታት ካምፓላ ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምክያድ፡ ቅያን ጅግንነትን ሰማእታትና እናዘከሩ - ሰላም ዝሰፈና ብልጽግቲ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ፡ ስድራ ሰውኣት ኣብ ምንባይን ኣበርክቶኦም ከምዝቕጽሉ ኣረጋጊጾም።

ብኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ከምኡ'ውን ማሕበረኮም ኤርትራ ነበርቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተወደበ ብምብራህ ሸምዓን ምትካል ፈልሰታትን ዝተሰነየ መደብ ድማ፡ 708,696 ብር ንመሰሰኢ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ተወፍዩ።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከባቢኣን - ስዑዲ-ዓረብ ብወገኖም፡ ከም ዜጋታት "ቃሎም ሕድርኩም ኣይነዕብርን እንበለላ ዕለት እያ" ድሕሪ ምባል፡ በቲ ኣጋጣሚ 4,300 ርያል ንማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣታዊ ገይሮም።

ኣብ ኣንጎላ ድማ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ልዋንዳ፡ ቤንጌላ፡ ልባንጎ፡ ካቢንዳ፡ ሳብሪመ፡ ዋንባ፡ ድንዱን ካልኦትን - ብልጽግቲ ሃገር ብምህናጽ፡ ሕድሮም ብምልኣት ንምትግባር መሳርያም ኣስጢሞም ኣበርክቶኦም ከምዝቕጽሉ ገሊጾም።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ኣቡዳቢ - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ምብጽዓኦም ብምሕዳስ፡ በቲ ኣጋጣሚ 3,100 ደርሃም ወፍዮም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ቭየና - ኣስትርያ ብወገኖም፡ "ሰማእታትና ሕድሮም ብምትግባር ነቕስናም" ብምባል፡ 9 ስድራ ሰማእታት ናይ ምጥዋር ሓላፍነት ወሲዶም።

## ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ዝተፈላለየ መደባት ኣሰላሲሉ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣሰላሲሉ።

ብ19 ሰነ፡ ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈትን ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን - ክሳብ ፓርክ ሰማእታት ናይ እግሪ ጉዕዞ ድሕሪ ምክያድ፡ ልምዓታዊ ስራሕ ሰሪሖም።

ብድሕሪ እዚ፡ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታትን መደብ ዋርሳን ቀሪቡ።

ብ16 ሰነ ኣብ ዝተወደበ ናይ ዝኽሪ መደብ ድማ፡ "ዓወት ንሓፋሽ!" ዘርእስታ ንመሰዋእቲ ሰለስተ ወለዶ ኤርትራ እተዘንቱ ድራማን ጣዕመ ዜማታትን ተኣንጊዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት፡ ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን፡ ዞባ ማእከል፡ ውዳቤ ሰራሕተኛታት መንእሰያትን ካልኦትን ዝተሳተፍዎ ወፈራዊ ልምዓት፡ ብ10ን 17ን ሰነ ኣብ ከባቢ ቤት-ገርግሽ ክካየድ እንከሎ፣ ካልኦት ኣባላት ድማ - ብ12 ሰነ ደም ናይ ምልጋስ መደብ ከምዝካየዱ፡ ህዝባዊ ርክባት ሃማመተኤ ሓቢሩ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ - መዓስከር ደንደን ዝርከቡ ተኣለይቲ ስንኩላን ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብ18 ሰነ ናይ ዝኽሪ መደብ ኣካዪዶም።

እቲ መደብ፡ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕንባባ ህጻናት መዓስከር ደንደንን ጉዳይም ስነ-ጥበበውያንን ብዘቕረብዎ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ኣብ ሰዓታት ድሕረቀትሪ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ነበርቲ መዓስከር ደንደን ነፍሲ-ወከፎም ሸምዓ ብምውላዕ ተሳቲፎም።

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ድማ፡ ነበርቲ መዓስከር ደንደን ኣብ መንበሪ ናይ'ቶም ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ወፈራ ጽሬት ከምዝካየዱ፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

## ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና 146 ተመሃሮ ኣመሪቓ

ኣብ ከተማ ናቕፋ እትርከብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና፡ ብፅውድታት ዕረያ መካይን፡ ስርሓት ሓጺን፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ስርሓት ህንጻ፡ ከምኡ'ውን ብጽርበት ዕንጸይትን ሓጺንን ዘምሃረቶም 146 ተመሃሮ፡ ብ13 ሰነ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ።

ርእሰመምህር እታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ቃልኣብ ዘርኡ፡ ካብ'ቶም ንክልተ ዓመት ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ትምህርቲ ዝቐሰሙ ተመሃሮ - እቶም ኣስታት 34 ማእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምዃኖም ድሕሪ ምጥቃስ፡ ብዘለዓለ ተወፋይነት ኣብ ሃገራዊ መደባት ህንጸትን ልምዓትን እጃሞም ከበርክቱ ተላቢዩ።

ካብ ክፍሊ ቴክኒካዊ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ብርሃ ኣርኣያ ድማ፡ ድልዱል ሰረት ዘለዎ ሃገራዊ ቁጠባ ንምህናጽ፡ መንግስቲ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዝፍ ወፍሪ ይገብር ከምዘሎ ብምሕባር፡ ተመረቕቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብስራሕ ከማዕብልዎ ኣዘኻኺሩ።

ኤረና ዝተወከሰቶም ተመረቕቲ፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቦምን ዕብየት ሃገሮምን ከምዘውዕልዎ ገሊጾም።

# ኣስመራ - ተኣለይቲ ስንኩላን፡ ሰማእታቶም ብሓበን ዘኪሮም





# “ሞያ ስለ ዘጥረና፡ ብኣታዊታትና ናብራና ንመርሕ ኣለና” ኣንስቲ ስዉኣት

ዮናታን ዮዕብዮ
ኣገ/ዜ/ዞ/ማእከል
ሰኣላይ በረኸት የማነ

ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ዓቕሚ ደቂ-ኣንስትዮ ንምዕባይ ካብ 2004 ኣትሒዙ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ክውድብ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከብ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ከምዘለወን ዝተለለያ ኣደታት ኣንስቲ ስውኣት ዝወሰዳኦ ሞያዊ ስልጠና ድማ መርኣያ ናይ'ዚ እዩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ሃማደኤ ብመልክዕ ፓይሎት ፕሮጀክት ካብ 2004 ኣትሒዙ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ማእከል መሰልጠኒ ማእለማ ብምኽፋት፡ 40 ማሽናት ማእለማን ክልተ መማህራን ብምቑጻር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት 280 ኣንስቲ ስውኣት ዝርከብኦን ብድምር 480 ደቂ-ኣንስትዮ ስልጠና ከምዝረኸባ ገይሩ እዩ። ንሎሚ፡ 20 ስነ መዓልቲ ሰማእታት ምኽንያት ብምግባር፡ ንገለ ካብ'ዘን ዝተጠቕሳ ኣንስቲ ስውኣት ተወኪሰና ዘሎና ሓበሬታ ናባኹም ኑብሎ።

ፈለማ፡ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ን19 ዓመታት ዘካየዶ ዘሎ ፕሮጀክት ስልጠና ማእለማን ዕላማታቱን እንታይ ከምዝመስል ኢና ንወ/ሮ ኤልሳ ጉብረሃንስ ሓላፊት ጨንፈር ማሕበረ-ቑጠባዊ ጉዳያት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ተወኪስናያ። ወ/ሮ ኤልሳ፡ ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ መትሓብሮ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ብዋዕባራዊ ስራሕ ምዕባይ፡ ስልጠና ማእለማ ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሓሉ ከምዝጀመረ እያ ትገልጽ። ነዚ ከሉ ሓቅታት ንምስማር ድማ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ማእከል ሞያዊ መሰልጠኒ ከምዘዋደደ ብምሕባር፡ ዘድልያ ስልጠናታት ማእለማ ኣብ ምሃብ ከምዝርከብ ኣረዲኣ።

ሃማደኤ ምስ መሻርኽቱ ብምውህሃድ፡ ሞያ ማእለማ ኣብ ሃገርና ብሰፊሕ ንምትእትታው ሰሪሑሉ እዩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ከኣ፡ ኑተን ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣንስቲ ጀጋኑ ሰማእታትና ድማ ብፍላይ፡ ኑታ ብኣኣን እትምራሕ ስድራ ማሕበረ ቁጠባዊ ናብራ ንምዕባይ፡ ኑቲ ቀዳሚ ናጽነት ኣብ ጎረቤት ሃገርና ተሓጺሩ ዝነበረ ወጽኢት ፈትሊ ዝኾነ ስርሓት ማእለማ ደቂ-ኣንስትዮ ጀሚሩዎ። ኣብ'ዘን

ዝተጠቕሳ ኣንስቲ ዘተኩረ ንጥፈታት ስልጠና ማእለማ ከኣ፡ ንዋዒሕ ግዜ ከምዝሰላሰል ከምዝነበረ ወ/ሮ ኤልሳ ትገልጽ።

ወ/ሮ ኤልሳ፡ ጎደፍ ጎደፍ እዚ ዝተጠቕሰ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታ ሃገርና ከም ሰርሓት ላኘ፡ ፍዕሎ፡ ሰንጀር፡ መዚቃ፡ ኣሰራርሓ መግቢ፡ ምምራሕ ማኪና፡

ይሕብር።

ሰድራቤት ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ሕቖፍን ሓልዮትን ዘይጽዓድ ጆግና ህዝቢ ኤርትራ ከምዝሑብር ዘረጋግጽት ወ/ሮ



ዝተሰውኣ ዝሓብረትና ኑሮት ምምሕዳር ከባቢ በለዛ ወ/ሮ የርዳኖስ ገለ ድማ፡ ካብ በለዛ ኣስመራ እናመጽኣት ንሸውዓተ ወርሒ ኣብ ማእከል መሰልጠኒ ኣኽርያ ብማእለማን ምስታይ ሕብርን ኣብ 2004 ከም ዝሰልጠነት'ያ ትሕብር። በቲ ዝተመረቐትሉ ሞያ ማእለማ እናሰርሐት ከኣ፡ ክልተ ደቃ ከምዝምሃረትን፡ ብፍላይ እቲ ሓደ ወዳ ብዝለዓለ ብቕዓት ተመሪቑ ኣብ ኮሌጅ ሕክምና ኦሮታ ይሰርሕ ከምዘሎን ብምግላጽ፡ ነዚ ዕድል ንዝፈጠረላ ሃማደኤ ምስጋናኣ ተቕርብ።

ሰይቲ ስውእ ወ/ሮ ምልእተ ኣስገዶም ብወገዳ፡ ኑቲ ኣብ 2004 ዝሰልጠነትሉ ሞያ ማእለማ፡ ን13 ዓመታት ከምዝሰርሓትሉ ድሕሪ ምሕባር፡ በዚ ሞያ'ዚ ናብራኣን ደቃን ብዘይ ጸገም ክትኣሊ ከምዝኸኣለት ተብርህ። ብዘይካ'ዚ፡ ሃማደኤ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝቐሰመቶ ሞያ ማእለማ፡ ናይ ልቓሕ ዕድላት ከምዝፈጠረላ ብምግላጽ፡ እዚ ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንኡስ ንግዳዊ ንጥፈታት ክትዋፈር ከምዝኸኣላ ኣረዲኣ።

ካብ ኣወሃሃድቲ መደብ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ማእለማ፡ ወ/ሮ ትርሓስ ዘውዱ፡ ሞያ ማእለማ ብዘይካ'ቲ በቲ ሞያ ሰሪሕካ ናብራኻ ንምምራሕ ትረኽቦ ፖዘቶቫዊ ኣታዊ፡ ኣብ ሓደ ቅርዓትን ኣዳራሽን ብሓባር ኮይንካ ናይ ምስራሕን ተሞኩሮ ናይ ምልውዋጥን ርሒብ ዕድላት ስለዘለዎ፡ ንሰልጠንቲ ድርብ ጥቕሚ'ዩ ዝህበን። ማዕረ ማዕረ'ዚ'ውን ምስ ናብራ ዕብየት ከም'ኡ'ውን ምስ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ዝተኣሳሰር ኣፍልጦኣን ዘበርኽሉ ጉስጓሳዊ ትምህርቲ ስለዝወሃበን፡ ደረጃ ንቕሓተን ክበርኽ ከምዝሕግዘን ተገንዝብ።

ሃማደኤ ኣብ ልዕሊ እተን በቲ ሞያ ሰልጢነን ናብራኣን ዝመርሓ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበሮ ዘሎ ቀጻሊ ሓልዮትን

ስልጠና ማእለሙ፡ ሚኒስትሪ ዕዮ ማሕበራዊ ድሕነትን'ዩ ኑተን ኣብ 2001 ዝተጠየሳ ተጋደልቲ፡ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ዓቕመን ንምዕባይ ብጥርኑፍ ብምስልጣን ጀሚሩዎ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ከኣ፡ ሃማደኤ ኑቲ ሞያ ምስልጣን ባዕሉ ብምሓዝ ኑቲ ስልጠና ቀጺሉዎ። ማዕረ ማዕረ'ቲ ዝወሃብ ዝነበረ ስልጠና፡ ምስ ግዜ እናማዕበለ ዝኸደን ንሸውዓተ ወርሒ ዝቕጽለን ሕብሪ ምስታይ፡ ቲንታ ምግባር፡ ምስራሕ ሻርባታት ደቂ-ኣንስትዮ ወዘተ ዘኣማስሉ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠናታት ከምዝወሃባ፡ በቲ ዝቐሰምኦ ሞያ መትሓብሮኣን ኣብ ምምራሕ ከምዝርከባ ወ/ሮ ኤልሳ ትሕብር።

ሃማደኤ ብዘይካ'ቲ ብናጻ ብዘይ ክፍሊት ዝህቦ ስልጠና፡ ንኣንስቲ ስውኣትን ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ዘለወን ወገናትን፡ ኑቲ ስልጠና ብዘይምቁራጽ መታን ክከታተላ፡ ኣብ ግዜ ስልጠና ካብ 400 ክሳብ 500 ናቕፋ ዝጸሕ ናይ ጁባ ክፍሊት ከምዝወሃበን ተረዲኡ።

ሃማደኤ ብስም ዝተፈላለየ ጉጅለታት ኣብ ትሕቲ ማሕበር ዝጥርነፋ፡ ‘ስራት፡ ስምረት፡ ሓድነት’ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ ማስርሕን መሸጢን ቦታ ፍርያት ማእለማን ከምዘርግሐ ዝሓበረት ከምዝሰልጠና ጠቒሳ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ናይ ሞቶር ማይ ዝጭንገዓ ብምዕዳል ድማ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘይንጎቕ ኣበርክቶ ክገብራ ከምዝኸኣላ ወሲኻ ሓቢራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሃማደኤ ኑተን ዕለታዊ መትሓብሮኣን ኣብ ምቕያር ሓያል ጻዕሪ ኣካይደን ዝተዓወታ ኣብነታውያን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ፖዘቶቫውን ዓይነታውን ደገፍ ብምሃብ፡ ከተባብዖወን ከምዝጸንሐ ወ/ሮ ኤልሳ ትገልጽ።

ንኣብነት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡሳን ዞባታት ሰረጀቓ፡ ጋላ-ነፍሒን በረኽን ብታባ ሃማደኤ ኣብ ዝፍለጥ ቦታ፡ ሰፊሕ ሄክታር ብጠረብ ከምዝሸፈን ንዝነበራ ዕውታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቆፎ ንህቢ ከምዝተዓደለ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ኤልሳ፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ድማ፡ ነዘን ዝተጠቕሳ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ መፍረ ንህቢን መዓርን ዘተኩረ ስልጠና ከምእተዋህበን ኣረዲኣ።

ሰልጠንቲ ኣንስቲ ስውኣት ብዝቐሰምኦ ሞያ፡ ምስ ጉረባብቲ ሃገርና ዝወዳደር ከም ቅድታት እድያት ሃሪን ነጸላታትን ዘኣማስለ ብሉጽ ፍርያት ስርሓት ማእለማ ከዳልዋ ብቑዐን ኣለዋ። ኣብ ሓድሕደን ድማ ባህሊ ምትሕግጋዝ ከጥርያ፡ ፍልጠተንን ተመክሮአንን ካብን ናብን ዘመሓላልፉሉ ባይታ ከጣጥሓ ከምዝኸኣላን'ዩ ዝገለጸ።

ሃማደኤ፡ ‘ምህርቲ ኣደ ምህር ሕብረተሰብ’ ብዝብል ዕላማ፡ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲ ብምውህሃድ፡ ቁጽሪ መሃይማን ደቂ-ኣንስትዮ ናብ ትሕቲ ዜሮ ንምውራድ ይሰርሕ እዩ። እዚ ከኣ፡ እቲ ብዋዕባርን ክልሱ-ሓሳብን ዝወሃብ ስልጠና፡ ብዘይ ትምህርቲ ክዕመም ስለዘይክእል፡ ስልጠና ዝወሰዳ ኣደታት መሃይምነት ዘጥፍኣ ክኾና ስለዘለወን እዩ።

ብሃማደኤ ዝወሃብ ስልጠና ማእለሙ፡ ኣብ ካልኦት ሓሙሽተ ዞባታት እውን ብመልክዕ ፕሮጀክት ተበጊሱ ይወሃብ እዩ። ኑተን ኣቐዲመን ዝሰልጠና ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ከምዝወሃባ እናተገብረ ከኣ፡ እቲ ሞያን ክእለትን ናይ ምስግጋር ማስርሕ ይቕጽል ኣሎ። ኣብ'ዚ ስልጠና'ዚ ቀንድን ብቐዳምነት ዝሰራዕን ግን፡ ኣንስቲ ስውኣት ምኳነን ርዱእ እዩ። በዚ ከኣ፡ ቀጽሪ ናይ'ተን ብሞያ ማእለማ ዝሰልጠና ደቂ-ኣንስትዮ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ

ኤልሳ ጉብረሃንስ፡ ንስድራቤት ሰማእታት ዝወሃብ ኩሉ መዳያዊ ሓልዮትን ሓገዝን ካብኡ ከምዝሰቅል ሓቢራ።

መንግስቲ ብዘይካ'ቲ ወርሓዊ ዝኸፍሎ ደበስ ንስድራቤት ሰማእታት ኤርትራ፡ ስድራ ስውኣት ካብ ተጻባይነት ዝናገፋ ዝተፈላለየ ሞያ ዘቕስሞም ዕድል ስልጠናታት እናፈጠረ፡ ህይወቶም ዝመሓየሹሉ ባይታ ከምዘጣጥሕ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ በበግዚኡ ብማእለማ ዝሰልጥና ዘለዋ ኣንስቲ ስውኣት ኣብነት ናይ'ዚ እየን።

ተጋዳሊት ወይኒ ዓንደሚካኤል፡ ሓንቲ ካብ'ተን ሃማደኤ ዞባ ማእከል ብዝፈጠሮ ዕድል ስልጠና ማእለማ ክረኽብ ዝበቕዓ ኣንስቲ ስውኣት እያ። ንሳ በቲ ዝሰልጠነቶ ሞያ ማእለሙ፡ ን13 ዓመታት ህይወታን



መትሓብሮኣን ክትመርሕ በቒዓ ከምዝላ ብቓላታ ትገልጽ። “በዓል ቤተይ፡ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት'ዩ ኣብ ሳልሳይ ወራር ተሰዊኡ። ኣነ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ጉጅለ ማእለማ ስራት ኩይነ፡ ህይወተይን ህይወት ክልተ ደቀይን ዝመርሓሉ ስልጠና ኣብ 2004 ወሲደ። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ በቲ ዝቐሰምክዎ ሞያ ህይወተይ ኣብ ምምራሕ እርከብ ኣለኹ። ንደቀይ'ውን ኣብ ዝበጽሕ ኣብጺሐየም ኣለኹ” ብምባል፡ እቲ ዝቐሰመቶ ስልጠና ማዕረ ክንደይ ከምዝጠቐማ ተረድእ።

ተጋዳሊት ወይኒ ኣሰፋ፡ ሞያ ማእለማ ብዘይካ'ቲ ሰሪሕካ ትረኽቦ ፖዘቶቫዊ ኣታዊ፡ ኣብ ዕለታዊ ጉዕዞ ህይወትካ ዘጋጥሙ ማሕበራዊ ሕቶታት እውን ብሓባር ኮይንካ ናይ ምፍታሕ ዝህልዎ ኣስተዋጽኦ ብቐሊል ከምዘይጥመት እያ ትገልጽ። በዚ ከኣ፡ ካብ ኑበሰ ምትሓትን ተጻባይነትን ተገላጊላ ናብራኣ ክትመርሕ ዘኽኣላ ዕድላት ንዝፈጠረላ ሃማደኤ ተመስግን።

በዓል ቤታ ኣብ 3ይ ወራር ወያነ ከም

ናብዮትን ኑተን ዘሰልጥናን ደቂ-ኣንስትዮ ምክትታል ስለዘጉብረለን እቲ ዝጠዝለ መደባቱ ዕዉት ምኻኑ'ያ ተረድእ።

ኣብ'ዘን ዝተጠቕሳ ማእከላት መሰልጠኒ፡ ብሰልጠንቲ ዝፈርዩ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ስርሓት ማእለሙ፡ ብቕዓቶምን ደረጃኦምን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ተወዳዳርን ሰሓብን እናኾኑ ይመጽኡ ከምዘለዉ፡ እዚ ውጽኢት'ዚ ድማ፡ ሃማደኤ ኑቲ በበግዚኡ ዝወሃብ ዘሎ ዘመናዊ ስልጠናታት ክውድብ ብምኽኣሉ ዝመጽአ ምኻኑ ወ/ሮ ትርሓስ ዘውደ ኣብሪሃ።

ኣብ መደምደምታ፡ ወ/ሮ ኤልሳ ጉብረሃንስ፡ ሓላፊት ጨንፈር ማሕበረ-ቑጠባዊ ጉዳያት ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ሰልጠንቲ ኣንስቲ ስውኣት፡ በቲ ዝቐሰምኦ ሞያ ህይወተንን ናብራኣንን ክመርሓ ምብቕዐን ዝተሰመዓ ሓጎስ ብምግላጽ፡ ሕጂ'ውን መትሓብሮ ደቂ-ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ተባሂሉ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ካብ 2004 ኣጠቓሲሉዎ ዘሎ ፕሮጀክት ስልጠና ማእለሙ፡ ብዝለዓለን ዝተወደበን ኣገባብ ክቕጽሎ ምኻኑ ሓቢራ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284




## ሕድሪ’ሉኒ ‘ቲ ጅግና

“ተኽሊ ህዝባውነት ቀምሲላ፡
ፈልሲ ውልቃውነት ከይተጉላዕልዕ
ሓድነት ሓሪራ፡ ወገንነት ከይትጥጥዕ
ሓቂ ሓኒኻ፡ ሓሶት ከይትተብዕ
ዓመጽ ዛርያ፡ ፍትሒ ከይተብቅዕ
ባርነት ነጊሳ፡ ናጽነት ከይትነብዕ።”

ሕድሪ’ሉኒ ’ቲ ጅግና ኣብ ስእለ
ኣእምሮይ ’ናተመላለሰ
ህይወተይ ከድምቕ ዕምሩ ዘህሰሰ
ደመይ ክዕቅብ ናቱ ዘፍሰሰ
ክብረይ ክመልስ መሰሉ ዝገሃሰ
ንዓይ ክዕቢ ኣብ ግዜኡ’ኳ ዘይነኣሰ፣

ኣብ ሸዊት ዕድመኡ ምብጻው ዝለመደ
ካብ’ቲ ዝሓለፈ ቅድሚኡ ዝኸደ
ክብሪ እናወረሰ፡ ግብሪ ዝወለደ።

ሕድሪ’ሉኒ ቲ’ጅግና ቃልሱ ክቕጽላ
ክሳብ’ታ ምዕራፉ ትበጽሕ ከምኣ’ላ
ከይትቐንን፡ ከየስፍላ
መፍቶ ዓዲ ሃገር፡ ጓኖት ከይጻወቱላ
ኮስኮስቲ መሲሎም ሱራ ከይበትኩላ
ነቐስቲ መሲሎም እሾኽ ዓጋም ከይሸኽቱላ፡
ኣዒንታ ከየንቍራ ኵሓልቲ ዝመስላ።

ሕድሪ’ሉኒ ’ቲ ጅግና
ክዝክሮ ዝተኸፍለለይ ረዚን ዋጋ
ዋጋ ብዋጋኡ መዓስ ኣብ ዕዳጋ
ህይወት’ዩ መጥዩ፡ ’ታ ኹሉ ዝበህጋ
ንዓይ ኣውሒሱስ ንሱ ኣብ ሓደጋ
ናተይ ኣቐጺሉስ ናቱ ዝሓደጋ።

ክንየ ምዝካሩ ርእሰይ ኣድኒነ
እሙን ተቓላሰይ ኤርትራዊ ኾይነ
ሕድሩ ክፍጽሞ ከም’ቲ ’ሱ ኮይነ
መብጽዓይ ኣሐደስኩ…
ኣብ ውሽጠይ ኣነ ምስ ኣነ!

***

ሃብቶም ገብረሂወት

## ፈጣሪ ርእዩ

ፍኹሰት ልቢ ወዲ ሰብ ተዓዚቡ
“ንብጻይኩም ከም ነብስኹም ኣፍቅሩ”
ኢሉ።

ሰማእታት!
ንብጻዮም ልዕሊ ነብሶም ከፍቅሩ
ፈጣሪ ርእዩ።

***

ሃክ ዮሃንስ



# “ስነ-ጥበብ ኣብ ዝኽሪ ሓበን”

ኣዳራሽ ዳዕሮ ሃማመተኤ፡ ኣብዚ ሰማእታትና ብኽብሪ እንዝክረሉን መብጽዓና እነሐድሰሉን ቅንያት፡ “ስነ-ጥበብ ኣብ ዝኽሪ ሓበን” ዘርእስቱ ናይ ዝኽሪ ሓበን መደብ፡ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶታት ዘካተተ መደብ ኣኣንጊዳ። እቲ ብ13 ሰነ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ዝቐረበ መደብ፡ ብዝክረ ሰማእታት ኣሃዱ ኣብ ዝበለሉ፡ ንሰማእታትና ብሓበን ዘዘክር፡ ዘስተንትን፡ ዘሕስብን ሓላፍነትና ዘዘኻኽርን ብርክት ዝበሉ ጥበባዊ ፍርያት ሓደ ድሕሪ ሓደ ወሓዙ።

መስዋእቲ ኪንኖ’ቲ ዝቖንጠጦ ጸላም፡ ኣብ ዝባን ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ዘሰከሞ ረዚን ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ሓላፍነት፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ መስርዕ ከይበተኸ ናይ ዝተወራረሰ ሕድሪ ሰማእታት እዩ። መንእሰይ ሃብቶም ገብረሂወት፡ “ሕድሪ’ሉኒ’ቲ ጅግና፡” ኣብ እትብል ግጥሙ ነዚ’ዩ ዘራጉድ፤ “ተኽሊ ህዝባውነት ቀምሲላ/ ፈልሲ ውልቃውነት ከይተጉላዕልዕ/ ሓድነት ሓሪራ፡ ወገንነት ከይትጥጥዕ/ ሓቂ ሓኒኻ፡ ሓሶት ከይትተብዕ/ ዓመጽ ዛርያ፡ ፍትሒ ከይተብቅዕ/ ባርነት ነጊሳ፡ ናጽነት ከይትነብዕ፡’’ ሕድሪ’ሉኒ ‘ቲ ጅግና!

መንእሰይ ሊያ ካሕሳይ፡ ሽምዓ ዘርእስታ፡ ንጅግንነት እቶም ንጸላኢ ኣብ ኩብዱ ኣትዮም እፎይ ከም ዘይብል ዝገበሩዎ ሓርበኛታት ውፉያትን ብመስዋእቶም ዘሰጋገርዎ ሕድሪን እተዘንቱ ሓጻር ዛንታ ብመሳጢ ኣገባብ ኣቕረበት። ኣብቲ ምሸት ከተስተንትን ዘድርኹ ግጥምታት ሒዙ ዝቐረበ መንእሰይ ኢሳያስ ወልዱ፡ “በየን ክዝክረካ” እትብል ግጥሚ ምስ ኣቕረበ፡ “እቲ ደራሲ” ዘርእስታ ብመንእሰይ ዩኤል ዓንደሚካኤል ዝተደርሰት ድራማ ቀሪባ። እዛ ድራማ፡ ኣብ ሓንቲ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻል ናይ ዝተፈጸመ ዛንታ ፍቕሪን መስዋእትን እተንጸባርቕ ኩይና፡ ድሕሪ ሓደ ጽቡቕ ነገር፣ ነቲ ጽቡቕ፡ ጽቡቕ ዝገበሮ ዘይረአ ደራሲ ከም ዘሎ እትነገር እያ። ኤርትራ ድሕሪ ናይ ዘመናት መግዛእትን ግፍዕን ብቓልስን መስዋእትን ዝተጐናጸፈቶ ናጽነት፣ እቲ ካብ ባዶ ንምልዓላን ንምሕዋያን ዝተኻየደ ወፍሪ ልምዓታ እግሪ ከይተኸለ ብወራር ዝተኹልፈ’ሞ ኣብ ነዊሕ ናይ ኩናት፡ ተጽዕኖ፡ ምድራትን ዘይቋርጽ ተጻብኦን ዝጸመዳ ምዕራባዊ ሓይሊ መኪታ ክትዕወት ዘኽኣላ፣ ሓሪራ እናበልዋ መሊሳ እተጉላዕልዕ፡ ተበቲና እናበሉዋ መሊሳ ብሓደ ማሕላ ከም ትሰምር ዝገበረ፡ እቲ ካልኦት ጽቡቕ ክነብሩ ንሱ ንጽቡቕ ዝሓለፈ እቲ ዘይረአ ደራሲ ኤርትራዊ ሰውእ ምዃኑ እተርኢ ድራማ ነበረት።

ሃክ ዮሃንስ፡ “ፈጣሪ ርእዩ” ዘርእስታ ሓጻርን ዓማቑን ግጥሚ ድሕሪ ምቕራቡ፣ ሰናይት ዑቕበ፡ ፍረ ማህጸና ንግፍ ኣቢላ ናይ ዝሃበት ሓርበኛዊት ኤርትራዊት ኣደ፡ ነቲ ተፈጥሮኣዊ ናይ ኣደ ስምዒት ጸይራ፡ ነቲ ዋጋ ከይከፈልካ ክርከብ ዘይክኣል ዝነበረ ናጽነትን ምውሓስ ሉኡላውነትን ቀዲማ ነቒሓ መዓንጣኣ ብቕናት ጽንዓት ሸጥ ኣቢላ፡ ንኹሉ ንዝሰዓረት ኤርትራዊት ኣደ ብውክልና ብምቕራብ፡ “ውሉድ ናይ ውሉደይ” ዘርእስታ ሓጻር ግጥሚ ኣቕረበት።

ብዘይካ’ዚ ዝተፈላለየ ነዚ ረዚን በዓል ዝምጥን ግጥምታትን ሓጺር ዛንታን ቀሪቡ። ብተወሳኺ’ውን ኣብ መንጎ መንጎ፡ ንፍሉጣ ንኽብሪ ሰማእታትና ዝተደርፉ ደርፌታት ንምስትምቓር ቀሪቦም ነይሮም።

እዚ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ብመንእሰያት ዝቐረበ ናይ ዝኽሪ ሓበን ምሸት፡ ብሓፈሻኡ፡ ሰማእታትና ብኽብሪን ሓበንን ክንዝክሮም እምበር ብህሀታን ቍዘማን ንኸይነልዕሎም ዘዘኻኽር፡ ብዓቢኡ ኸኣ ሕድሪ ሰማእታትና ንምልዓል ወትሩ ትጉሃት ክንከውን ዘዘኻኽር እዩ ነይሩ።

ጀሚል ስዒድ



## መን ኢኻ

ንሎሚ ክትብል ዘመንና ክትቅይር
ንጸልማት ትቕንጥጥ ሰላምና ክትፈጥር
ህይወት ከፊልካ በጃ ኹሉ ኼንካ
ከም ልብኻ ድላይካ ዝገበርካ
ድላይካ’ውን ዝረኸብካ፡
መን ኢኻ።

መን ኢኻ ክትስመ ደምካ ዘፍሰስካ
ብምንታይ ክትሕመ ህይወት ዝወፈኻ
ምእንታና፡ ምእንቲ ኹሉ ክትዘልል
ብግዳም ወጺእካ ንሕና ንኽነጽልል

ደምበኻ ክሽምም ብስሱዕ በላዒ
ቤትካ እንክውረር ብኣእላፍ ጸላኢ
ክብገስ’የ ኢልካ ገስጊስካ ብዓንተቦ
ክትመሶ ሓሊንካ ፍትሒ ዓደቦ

ደሊኻዮ ፈሊኻዮ እቲ ናተይ ትብሎ
በየን’ሞ ክጠፍኣካ ኣሰር ወለዶ
ሒዝካ ኣይፈነኻን ምስ ወሰንካ ሓንሳእ
ገንሸለይ ኢኻ ናይ ምንባረይ ጽዋእ

ጥሜት ኣይዓጅበካ ክዕንገል ዘይትብል
እምኒ ተተርኢስካ ሰለም ዘይትብል
ንኹሉ ክትጥዕም፡ ኵሉ ጭንቂ ምንቂ
ነብሰ ስጋኻ ዝመጠኻ ብዘይ ብቂ!

መን ኢኻ ኣብ ሽቶኻ ትነብር
ደምካ ኣውሒዝካ ንመሬት ተጥልል
ሞትካ ሞት ጀጋኑ ኵሉ ዝምስክሮ
ስም ይንእሰካ ሓየት እከለ ከይንብሎ።

ብንስሪ ትግለጽ በቲ ናትካ ትኹረት
‘ታይከ ይጉድለካ፡ መሊኡካ ትብዓት
ብገመል ትምሰል በቲ ናትካ ጽንዓት
ንዘልኣለም ክበር-ንበር ኣብ ሰማያት።

***

ማርታ ፍስሃየ

## ብርሃን ሽምዓይ

ብርሃን ሽምዓይ ብኢደይ ከሊለ
ብርሃና ክዕዘብ ኣዕንተይ ተኺለ
ሕልፊ ኤርዎ’ቲ ድምቀት ብዓይኒ ዘይልለ

ፈትላ ክነድድ ሕብሩ ክልወጥ
ሓደ ብርሃና ክበርህ ክጽልምት
ምሳሌ ትርጉሙ ኣብ ልበይ ይሰወጥ

ንዓይ ኢላ ንብርሃን ምኽኽ
ጸላም እናርሓቐት’ስ ትኽኽ

ባህሪኣ ይገርመኒ ክምልከታ
ነብሳ ትጽንቅቕ ከተብርሆ ’ቲ ከውታ
ንጣብ ኣካላ ክዓልብ ኣብ ባይታ

ምስኣ ትቑጽር ልበይ ትስዕቦ ህርመታ
ኢለያ ሸገይ ክትበርህ ሓሊመ ኣብ በረኻ
ክትጽልምት ክትውድእ ኣብቲ ምትካኻ
ኢላትኒ፤
መዓስ’ሞ ሕልሚ ኮይኑ ጋህዲ’ዩ ንዓኻ።

***

ጽንዓት መሓመድ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መዝገብ ከሰስቲ: 1. ኣቶ ጎይቶኦም ሕድራይ +1 ተኸሰስቲ ወረ/ኙ ፍትገ ተላ 1. ወ/ሮ ዘውዲ ምሰሞና +4 ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኙ ኢሳቕ ምሰሞና 3.1 ኣቤል ኢሳቕ ወረ/ኙ ሙብራህቱ ምሰሞና 4.1 ግርማይ ሙብራህቱ 4.2 ሰለማዊት ሙብራህቱ 4.4 ኢዮብ ሙብራህቱ ወረ/ኙ እስቲፋኖስ ምሰሞና ቁ.5.2 ሰራዊት እስቲፋኖስ 5.3 ኣማኒኤል እስቲፋኖስ 5.4 ኣየር እስቲፋኖስ 5.5 ናትናኤል እስቲፋኖስ 5.6 ፋኒኤል እስቲፋኖስ 5.7 ኣርሴማ እስቲፋኖስ 5.8 እስራኤል እስቲፋኖስ 5.9 ራሄል እስቲፋኖስ5.10 ጀሮም እስቲፋኖስ 5.11 ወረ/ሰወእ ሶሚኤል እስቲፋኖስ 5.11.1 ሳሮን ሶሚኤል 5.11.2 ሚሮን ሶሚኤል ብኣድራሻኦም ክርከቡ ስለ ዘይተኻእለ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ኣብ ንግዲ መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ.40 ን12/7/23 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ፈረጅ መሓመድ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ያቆብ ተወልደ መሻሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደብተራ ዘወንጌል ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ልዋም ዘወንጌል ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.ገዛ 39 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ለተንስኤ ጺጋይ ምራጭ፡ በዓል ቤተይ የውሃንስ ገብረስላሴ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቒና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ርቤል ግርማይ ተሰሚ፡ ኣቦይ ለምለም ኣስመላሽ ደስታ ብ19/6/2006 ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግበ ገብረሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ደብሳይ ተስፋጽዮን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቒና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣበባ ገብረሂወት ወልደሃይማኖት፡ በዓል ቤተይ ነበር ኘፍ/ር ኣስመላሽ ተላ ብድሆ ኣብ ን/ዞባ ኣባሻውል ዞባ 7 ምም/13 ጎደና መ/ተ ነበር ቁ.ገዛ 60 ዝርከብ ስፍሓት መሬት 140 ት/ሜ ዝሸፍን ብሕታዊ ንብረቱ እቲ ፍርቂ ብጽሒተይ ንዓይ ስለ ዝተሓበወለይ፡ እቲ ዝተረፈለይ ለበዋ ክጹድቀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ወ/ሮ ኣበባ ማሞ ክፍሉ፡ ብወኪል ተኸስተ ማሞ ኣቢሉ፡ በዓል ቤተይ ነጋሽ ከበደ ትኩእ ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይትሓለወለይ፡ 6 ደቒና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተመስገን ዘወልዲ ተወልደ፡ ኣደይ ርግበ ዑቕባሚካኤል ተስፋይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓብተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ትምኒት ጸጋዩ ዳኘው፡ ወላዲየይ ጸጋዩ ዳኘው ዘምካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ክትሞውሊዕ

ወ/ሮ ምልእተ ተኽለ፡ ወደይ ናሆም ገብረመድህን እዮብ ስለ ዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍቱ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣፍራሕ መሓመድ ዑመር ምባል ተረፉ፡ ኣፍራሕ መሓመድኣማን ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ገኑት መሓሪ ኣሉላ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ኪዳነ መሓሪ ነጋሲ ብ4/4/2010 ካብ ገዛ ምስ ወጽአ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መዝገብ ከሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ዑቕባሚካኤልን ተኸሰስቲ ወ/ሮ መሓሪት ዑቕባሚካኤልን ብዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክርክር፡ ተኸሰስቲ ቁ.1. ፈሩዝ ተወልደ ቁ.2. ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል ብኣድራሻኦም ክርከቡ ስለ ዘይተኻእሉ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዖም ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሮዳስ ኣንገሶም ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ ኣርሴማ ኣንገሶም ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሂወት ገብረትንሳኤ ፍስሃ፡ ተጸዋዕቲ 1. ጽጋብ ተስፋማርያም ገብረሚካኤል2.ተስፋይተስፋማርያም ገብረሚካኤል 3. ኣስማይት ተስፋማርያም ገብረሚካኤል 4. ሳምሶም ተስፋማርያም ገብረሚካኤል 5. ራህዋ ተስፋማርያም ገብረሚካኤል 6. ሙብርሂት ተስፋማርያም ገብረሚካኤል ኣብ ዓዲ ቐይሕ ዞን 1 ፕሎት "ፒ" ፓርሰል "ሺ" ስፍሓት መሬት 272 ምስ 3 ክፍሊ ገዛ ክሽነ ጥኖ ምስ ካንቸልኡ ዘጠቓለለ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዞን 4 ሎታ 60 ፓርሰል "ኢ" ስፍሓት መሬት 360 ት/ሜ 3 ክፍሊ ገዛ 1 ክፍሊ ክሽነ ዓይኒ ምድሪ ዘጠቓለለ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲቐይሕ ብቃለ ኑዛዜ ውዕል መዝገብ 153/2013 ብ6/8/2013 ዝፈጸምኩዎ ቃለ ኑዛዜ ክስረዘለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/2023 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሊድያ ክፍለ ገብሩ፡ ወዘ. ህያብ ነ/ሄር ክፍለ ገብሩ ንገሰ ብ23/11/2009 ዓ/ም ኣብ ቤ/ፍ ዝተገብረለይ ህያብ ክጹድቀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብሞት ዘፍቅራ ብዓልቲ ቤተይ መኣዛ ተኽሉ ተስፋሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጀርመን እትርከቡ ኣሕዋታን ቤተሰብን ኣብ ግዜ ሕማማ ላዕልን ታሕትን ዝበልኩምን፡ ድሕሪ ሞታ'ውን ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓበበርኩምናን፡ ኣብ ኣስመራ ትርከቡ ፈተውትን ቤተሰብን ሬሳ ኣብ ምቕባልን፡ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብራ እተሳተፍኩምን ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ንኹልኹም እናኣመስገንና ሓዘንና ከም ዝጸና እናገለጽና ንኹልኹም የቐንየልና ንብል።

ብዓል ቤታ ተጋ/ተስፋልደት መንግስቱ (ጎላ)
ወላዲታ ወ/ሮ ለተየሰሱ ኣብርሃም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣመልካቲት ምልእተ ተኽልኣብ ገዝበ፡ ኣብ ን/ዞባ ፓራዲዞ ከባቢ መካነ ገኑት ዚፕ 1A123 ጎደና በራቼቶ ፕሎት 7.ፓርሰል B1 ዝርከብ ዋንነተይ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM015078/0 ናይ ዕለት 14/1/2019 ዋንነቱ ብሽመይ እተረጋገጸለይ ሰነድ ዋንነት ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ኣሎኹ ዝብል ሰብ ምስ ዝህሉ፡ ብቁ.ቴሌ 07755507 (165351) ብምድዋል ክሕብረኒ እሓትት። እንተዘይተኻይኑ፡ መተካእታ ልብረፎ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ምልእተ ተኽልኣብ

## ምልክታ ናይ ስራሕ ክፉት ቦታ

ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ንቤት ጽሕፈት ኣስመራ፡ ናይ ውሽጢ ዕድጊ ሰራሕተኛ ክቆጽር ስለ ዝደለየ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ መለክዒታት ዘማልኡ፡ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ከመልክቱ ይሓትት።

ተወዳደርቲ ክማልእዎ ዘለዎም፡

1. ብ Diploma (business or marketing management)
2. በዚ ሞያ'ዚ ናይ 3 ዓመት ናይ ስራሕ ልምዲ ዘለዎ።
3. ብዝሒ፡ ሓደ
4. ጾታ፡ ኣይፈልን
5. ናይ ስራሕ ቦታ፡ ኣስመራ
6. ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘወደአ ወይ ዘይምልከቶ።
7. ደሞዝ ብናይ ትካልና ስኬል።

ኣመልከትቲ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤሪትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ዘሎ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስመራ ኣዘል ሰነዳቶም የቕርቡ።

ኣድራሻና፡

ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ
P.O.Box 6799
Tel. + 291 -120028-120029

## ምልክታ ጨረታ

መ/ሓብሬታን ገስጻስን ሚኒ/ምክልኻል፡ ንገንዘታ ክሉብ ደንደን፡ ኣብ ቤት መግቢ ኣውዳዲሩ ክምግብ ስለዝደለየ፡ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡

1. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2019/2020 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ 2022 ግብሪ መኽፈሊ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ካምፖፖሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ። ቁ.ተሌፎን 187616/209033
4. ምሉእ ሰነድ ብዕሹግ ደብዳበ ብምቕራብ፡ ጨረታ ዕለት 28/6/2023 ሰዓት 9፡30 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ PX ካምፖፖሎ ጎደና ደብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ብዋልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ c.p.o 50,000.00 ናቕፋ ይቕረብ።
6. ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ንብምሉኡ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒ/ምክልኻል መ/ሓብሬታን ገስጻስን
ቴሌ. 08373084/209033

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣምና ኣልኣሚን ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ መና ኣልኣሚን ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲት ወ/ሮ ትብለጽ ሃብቶም ገ/ሂር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት ተኽለሃይማኖት ገብረመስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣሚና ዓብዱልቃድር ኑርሑሴን ተኸሳሲ ኣቶ ኣድሓኖም መሓሪን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክርክር፡ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሳምሶም ርእሶም ገብረገያርጊስን ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃይለ ዘርኣየውሃንስን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክርክር፡ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ኣብርሄት ጉብሩ ከሰተ፡ በዓልቤተይ ተጋ/ ሃብታይ ዑቕባ ወልደሚካኤል ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ጉብረመስቀል የማኣብ ይሕደጎ ምባል ተሪፉ፡ ጉብረመስቀል የማ ይሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤልሳ በየነ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሰላት በየነ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዳዊት ተክለኣብ የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ዳዊት ዓንደም ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ኣብርሀት ወልደስላሴ እልፊ ምባል ተሪፉ፡ ለተስላሴ ተኽለኣብ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ራሄል ዘርኣ ጉብረዝጊ፡ በዓልቤተይ የዕበዮ ተወልደ ሃብቶም ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኲላ

ትሕተ፡ ዕድመ ሓበን ጉብረሚካኤል ጉብረጻድቕ ምባል ተሪፉ፡ ኣዜብ ጉብረሚካኤል ጉብረጻድቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2 መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትሕተ፡ ዕድመ ፍርቱና ዓንደ ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ሓበን ዓንደ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2 መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትሕተ፡ ዕድመ ፍቓዱ ዓንደ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ መሴ ዓንደማርያም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ለተሚካኤል ጸሎት ሃለቃ ምባል ተሪፉ፡ ለተሚካኤል ጸሎት ወልደትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዕንባብ ሰመረ ፍቓዱ ምባል ተሪፉ፡ ፊቨን ሰመረ ፍቓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጀማል መሓመድ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ጀማል ፈረጅ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትሕተ፡ ዕድመ እሰይ ክፍሎም ኣረጋይ ምባል ተሪፉ፡ ንፍታሌም ክፍሎም ኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፈተለወርቂ ተሰፋይ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ተሰፋይ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ምሩጽ ካሳ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ሓጎስ ወልደሚካኤል ካብ ጥሪ ኣብ 1999 ዓ/ም ምስ ወጸአ ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ክውሰነለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኲላ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ዘርኣ ጉብረስላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ኪዳማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ሻሹ ጉብረሚካኤል ዘርኣዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ዕማባ ጉብረሚካኤል ዘርኣዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

ፊቨን ሰለሙ ተሰፉ ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ሰለሙ ተሰፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍሰሃ ኣብራ ስብሃቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መብራሂቱ መሓረና ጉብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ብርሃ ወልደጉብርኤል፡ ኣደይ ለታይ ሃይለስላሴ ጺጋይ ስለዝዐረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋ ቢተው ጋርድ፡ ኣቦይ ቢተው ጋርድ ዕዋል ስለዝዐረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዓቲት

ከሳሲት ወ/ሮ ተምሪ ሓጎስ ተኪኤ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክብርኣብ ጺጋዝኣብ ዳይናም፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንኾሰይቶ ን/ዞ/ሰንዓፈ

ከሳሲት ሓዋ መሓመድ እስማኢል፡ ተኸሳሲ ጀማል ዑመር እብራሂም፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ለተብርሃን መንገሻ ጉብረሂወት፡ ኣደይ ማና ተኪኤ መንግስቱ ስለዝዐረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ከሳሲ ኣቶ ንጉሰ ተኽለማርያም ለገሰ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ግርማይ ተኽለዝጊ ሃብተጼን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ፋጥማ ሓምድ ሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥማ ኣሕመድ ሐመዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ማሕሙድ ኣድሪስመሓመድ ሰለም ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ኣድሪስ መሓምድሰለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መስከረም ሰላም ፍትሒ ተሰነይ

ወ/ሮ ቅሳነት ጉብረስላሴ ክፍሉ፡ ተጸዋዒ ኣቶ በረኸት ሓደሽ ጉብረመድህን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን12/7/21 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ድራር ምራጭ፡ በዓልቤተይ ጉብረስላሴ ክፍሉ ደረስ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሻላሎ ን/ዞ/ላ/ጋሽ ዓዲ ጸጸር

ወ/ሮ ኣራኻሺ ወልደሚካኤል መተሃኑ፡ በዓልቤተይ ጉብረሂወት ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ሸለብ ሰዋ ዓዲ ዑመር ተሰነይ

ከሳሲ ጀማል ሰዒድ ሳልሕ፡ ተኸሳሲ ዓብደላ መሓመድ ማሕሙድ፡ ቶዮታ ድርብ ካፕ– ቁጽሪ ሰሌዳ ER-1-09706 ቁጽሪ ቻሲ YN 55-0020315 ሞተል 1y0096601 ዝተሰርሓትሉ ዓመት -1984 ካብ ተኸሳሲ ብዕለት 15/6/2008 ዓ/ም ብዘፈጸምናዮ ውዕል መሸጣ ማኪና፡ ብዋጋ 70.000 ናቕፋ ገዚኣሉ ምሉእ ገንዘቡ ከፊለዮ፡፡ ናይ ዋንነት ወረቐት ማኪና ድማ ኣረኪቡኒ፡፡ እንተኾነ፡ ስም ዋንነት ክየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተረኽበ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ቀዳሽ ሰዩም ዘርኣይ፡ ኣደይ ኣቦ ዘራጼን ብርሀ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ተተካእቲ 5 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዎ ክቡር ሓውና ዘርእሰናይ ዘርእማርያም ጉብረክርስቶስ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምናን ስሩዓት ቀብሩ ኣብ ደርሰናይ ዘቃበርኩምናን ዘተሓዘንኩምናን፡ ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብኣካልን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና እናቕረብና ሓዘንና ከምዝዛዘምና ንገልጽ፡፡

ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

---

ብስም ሳዕድያ ዑስማን ሳምራ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምምሕዳር 07 ጎደና ኣብራ ተድላ ቁጽሪ ገዛ 16 ብግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 122913 መወከሲ ቁጽሪ 127269 ኦርጂናል ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺብዮ ወይ ብዕዳ ሒዝዮ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07-11-27-19 ወይ 12-33-80 ብምድዋል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክትሕብሩኒ፡፡ እንተዘይሪኦይኑ ግን መተካእታኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ሳዕድያ ዑስማን ሳምራ

---

## ሓራጅ

ንብረት ናይ ወረስቲ ሻም/ወልደስላሴ ጉብረሚካኤል ወረስቲ ነፍ/ ኣሰፋው ወልደስላሴ፡ ወ/ሮ ለምለም ኣርኣያ ደቀምን ኣብ ከተማ መንደፈራ ምም/ከባቢ ዓዲ ወግሪ ምስ ጣንክ ልምዓትን ወፍርን ለገቡ ዝርከብ ተራ ገዛ ኮይኑ፡ ሸሞንተ ቀንዲ ክፍልን ሸዱሽተ ሓገዝቲ ክፍልን ዝሓዘ ኣብ 500 ት.ሜትሮ ዝተደኮነ ብሽኢላ 362,411.00 ናቕፋ (ሰለስተ ሚእትን ስሳን ክልተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ዓሰርተ ሓደን ናቕፋ) ዝተገመተ ኮይኑ፡ ቤት ፍርዲ ብሓራጅ ክሽየጥ ስለዝኣዘዘ፡ ኣብ ዝግበር ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ ሰብ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ መዓልታት ጀሚሩ፡ ናይቲ ክወዳደረሉ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብምጥቃስ ብዝተዓሸገ ፖስታ ብምግባር ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ የእቱ፡፡ ኣብዚ ዕለት ሓራጅ ናይ ዝተጠቕሰ ግምት ዋጋ ገንዘብ ሓደ ርብዒ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ንጉዳዊ ባንክ ኤርትራ መንደፈራ c.p.o ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ በቕ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡

ዕለት ሓራጅ፡-20/7/2023
ሰዓት ሓራጅ፡-9:00-10:00
ቦታ ሓራጅ ፈጻሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ከረን - ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተኻይዱ



ኣብ ከተማ ከረን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ዝተሰርዐ ናይ ክልተ ሰንበት ቅድድም ብሽክለታ፡ ብሰንበት 18 ሰነ ተዛዚሙ።

ኣብዚ መዓልቲ ሓደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምድብ ዝርከቦም ሓሙሽተ ምድባት ውድድርም ኣካይዶም። ፈለማ ውድድርም ዘየዱን 57.2 ኪ.ሜ ዝተሰርዓሎምን ተቐዳደምቲ ግራሱሩት (ዕድመ 12-14) ኮይኖም፡ ኣብ ሰዓት 33.8 ከሎሜተር እናተሓንበቡ ውድድሮም ዛዚሞም። ብድምር ውጽኢት ናይ ክልተ ሰንበት ከኣ ኤሰርም ዳዊት - (ሬድ-ሲ) ዕወት ሸልማት 20 ሰ ክኸውን እንከሎ፡ ናታን ዘርኣዳዊት - ጉዞጦንዱ፡ ጴጥሮስ ሙሉጌታ - መጉዓዝያ ካልኣይን ሳልሳይን ተርታ ሒዞም።

ቀጺሎም፡ ዩዝ ተቐዳደምቲ 62.4 ከሎሜተር ሸፊኖም። ኣብ ዓባይ ጉጅለ ድሕሪ ዝዘርዎ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ድማ፡ ኣባል ጋንታ ሬድሲ. የናታን እድሪስ ተዓዊቱ። ብድምር ውጽኢት'ውን እዚ ተቐዳዳማይ ጸብለል ክብል እንከሎ፡ ተኽለሃንስ ኣብርሃ - ጉዞጦንዱ፡ የናታን ሰለሙን - መጉዓዝያ ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ናይ ዩዝ ተቐዳደምቲ ውድድረን ከሳልሳ እንከለዋ፡ ኣባል ጋንታ ሻሉቱ የርዳኖስ ተከሌ (ቅርጣሽ) ካብ ሮታ ደቂ-ተባዕትዮ ከይተፈልየት ውድድራ (57.2 ኪ.ሜ) ክትሸፍን ብምኽኣላ ምስ ብሉጽ ብቕዓታ ብዘይ ተቓጻጺት ተዓዊታ። የርዳኖስ ዝሓለፈ ሰንበት'ውን ተመሳሳሊ ቅያ ክትሰርሕ ብምኽኣላ ካብ ተዓዘብቲ ዓቢ ሞራልን ደገፍን ክትረክብ ክኢላ እያ።

ብዘይካዚ፡ 91 ከሎሜተር ዝሸፈኑ ጁንየር ተቐዳደምቲ ኣብ ዘየደዎ ውድድር፡ ሓያል ናህሪ ብዳህም ውድድርም ክዛዘሙ ዝኸኣሉ ሰለስተ ተቐዳደምቲ ጥራይ እዮም። ኣብ ዝተኻየደት ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ፡ ፊደን ጸጋዮ - ሬድሲ፡ ንእሰይ መሓሪን ሳይሞን ግደን ሰዒሩ ውድድሩ ዛዚሙ። ብድምር ውጽኢት'ውን ፊደን ክዕወት እንከሎ፡ የናታን ጉብረሂወት ሬድሲ፡ እሰይ መሓሪ መጉዓዝያ ጸብለል ኢሎም።

ኣብ መወዳእታ ውድድርም ዘየዱ ኤሊትን ትሕቲ 23 ዓመት ተቐዳደምቲን ነይሮም። ኣብዚ ምድብ፡ ጋንታ መጉዓዝያ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ብዘመዝገቦ ውጽኢት ሳዕላዋይ ኢድ ሒዛ ቀሪባ፡ ኣብዚ 111.8 ከሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡ ሬድሲ ስራሕ ይጸብያ ነይሩ። ጸወታ ክዛዘም 40 ከሎሜተር ምስ ተረፎ ተቐዳዳማይ ሬድሲ ፈንቅል ተዓገስ ብሽክሊታ ብምብልሻው፡ ሄኖክ በረኸት ካብ መጉዓዝያ ሓያል ስጉምቲ ኣሰሩ ዝስዕብ ተቐዳዳማይ ብዘይምንባሩ ከኣ ሄኖክ ንበይኑ ሃዲሙ ቀዳማይቲ ጉጅለ ፈጢሩ። ኣብ መወዳእታ 10 ዙርያታት፡ ሄኖክ ንኹሎም ተቐዳደምቲ ምሉእ ዙርያ ብምድራብ፡ ንበይኑ ውድድሩ ዛዚሙ። ፈንቅል፡ ኣብዚ ውድድር ብዝርኣዮ ናይ ቃልሲ መንፈስ ካብ ኩሉ ተዓዛቢ ናእዳ ረኺቡ። ብሓፈሻ፡ ብናይ ክልተ ሰንበት ውጽኢት፡ ሄኖክ፡ ኢሳያስ ሚኪኤሌን ዳኒኤል በርሀን ሰለስቲኦም ካብ መጉዓዝያ ዕወታት ኮይኖም።

ዕወታት ተቐዳደምቲ ካብ ኢድ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሳልም ዓሊ፡ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ተኸስተ ኣስገዶምን ካልኦት ናይ ክብሪ ዕዱማትን ሸልማቶም ተቐቢሎም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብቲ ዕለት፡ ዕወት ኣስመራ ማራቶን ኣትሌት ናህም ኣርምያስ (ሰንዓፈ) ብህዝቢ ደሙቕ ኣቀባብላ ክግበረሉ እንከሎ፡ ንተቐዳደምቲ ጁንየር ኣፋንዩ እዩ።

## ቸልሲ፡ ተጻወትቲ ተጉድል
### ካንተ ናብ ኢትሓድ ተጸንቢሩ፣ ኮቫቺችን ሃቨርትስን . . .

እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ምግዛእ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን ግን፡ ገለ ተጻወትቲ ብምፍናው ንዝለዋ ብዙሐ ተጉድል ምህላዋ ይገለጽ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ ትሕቲ ቶድ ቦሊ ካብ እትኣቱ ንደሓር፡ ኣብ ሽሞት ተጻወትቲ (ኣብ ክረምቲን ወርሒ ጥሪን) ኣስታት 600 ሚልዮን ፓውንድ ከምዘውጸኣት ጸብጻባት የረድኡ። በዚ ዝተጋህ ማጠ ገዝዘብ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ክትጸምብር ብምኽኣላ ከኣ፡ ብዙሓ ተጻወትታ ናብ 30 ክብ ክብል ክኢሉ። ብፍላይ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ሸሞንተ ተጻወትቲ ብምውሳኹ ኣብ ቻምፕዮንስ ሊግ ኣተሰልፎም ተጻወትቲ ንምሕራይ ተሸጊራ እያ። ኣብቲ እዋን ዓምጊአ ዝበረ ፖተር፡ ካብ ቶም ዝዝርዎም ተጻወትቲ ንምውሳኽ (ኣብ ዝርዝር 25 ተጻወትቲ ጥራይ እዮም ዝፍቀዱ) ገለ ተጻወትቲ ከወጽእ ስለዘለዎ፡ ንኣጥቃዊ ኣቡሙያንግ ግዳይ ገይርዎ እዩ።

ኣብዚ ወቕቲ'ውን ደሮ ንኣጥቃዊ ኣርቢ ሌፕዚግ ክሪስቶፈር ንኩንኩ ኣፈሪሞትዋ ዘላ ቸልሲ፡ ገለ ተጻወትታ ኣፋኒያ ኣላ። ንኸል ካንተ፡ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣልኢቲሓድ ክጸምበር እዩ ክበሃል ቀጸ እዩ ትማሊ ድማ ወግዓዊ ኮይኑ ኣሎ። ከምኡ'ውን ከኣ ሓደ ካብ ወሳኒ ተጻወትቲ ዝኾነ - ማዝዮ ኮቫቺች፡ ናብ ማን ሲቲ ክቕየር ኣብ ኣፈፌት በጺሑ ኣሎ። ቸልሲ፡ ነዚ ክሮኤሽያዊ ኣከፋፋሊ ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ማን ሲቲ ክትሰዶ ተሰማሚዓ ምህላዋ እዩ ዝገለጽ ዘሎ። ማን ሲቲ፡ ሓሊፋ ጋንታኣ ኢልካይ ጎንዶጋን ከወጽእ ደባሎ ብምህላዉ እዩ ንክሮቲት ንምምጻእ ትሰርሕ ዘላ። ዓሚ ሲቲ - ጋርድዮላ ኣብ ልዕሊ ካሮቸች ልዑል ኣድናቖት ከምዘለዎ ይገለጽ።

ብዘውሳኺ፡ እዛ ጋንታ፡ ንኣጥቃዊኣ - ካይ ሃቨርትስ ናይ ኣርሰናል ክትሰዶ ተሰማሚዓ ምህላዋ፡ እሙን ምንጪ ጋዜጠኛ ፋብሪዝዮ ሮማኖ ሓቢሩ። እዚ ማሰርሕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክውዳእ ምዃኑ ዝገለጸ እዚ ምንጪ፡ ኣርሰናል፡ ነዚ ጓል ከተማኣ ዝኾነት ጋንታ 65 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍል እያ። በዚ ድማ፡ ጀርመናዊ ሃቨርትስ እዚ ወሰል ምስ ተዛዘመ ኣብዚ ክረምቲ ናብ ኣርሰናል ዝተጸምበረ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ክኸውን እዩ። ኣርሰናል፡ ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚራ እያ ነዚ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ዕላማ ገይራ ክትሰርሕ ጸኒሓ።

ቸልሲ፡ ኣብዚ ማሰርሕ ምሻየጋር ተጻወትቲ፡ ምስ - ዚያች፡ ኩሊባሊ፡ ሞንዲ፡ ቻሉባን ሉፍተክቺክን ዝኣማስሉ'ውን ክትፈለ ትኽእል እያ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ 2022-23 ዱር ትርኢታ ዝርእየትላ ወቕቲ ምሕሉፉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ እትመጽእ ዓመተ-ስፖርት ብሓዲሽ ኣሰልጣኒ ማውሪሽዮ ፖቸቲኖ ሓዲሽ ዘመን ክትጀምር እያ እጅግእ ሰቢሰብ ዘሎ።




## ነገረ ሮናልዶ

ፖርቱጋላዊ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሰለስ ምሸት ሃገሩ ኣንጻር ኣይስላንድ ኣብ ዘየደቶ መጻረዩ ግጥሚት ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ መበል 200 ኣህጉራዊ ጸወታኡ ብምኽያዱ፡ "እቲ ዝበዝሐ ኣህጉራዊ ጸወታታት ዘየደ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ" ተባሂሉ ኣብ መዝገብ ክብረወሰን 'ጊነስ' ሰፊሩ።

ሮናልዶ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ብምስላፉ፡ ንክብረወሰን ኩዌታዊ ባደር ኣልሙታዋ (196 ግጥሚት) ሰቢሮዎ ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ምሸት ከኣ - መበል 200 ጸወታኡ ብምኽያዱ፡ ቀዳማይ ምጅማር እቲ ግጥም - ምስክር ወረቐት ተቐቢሉ።

ወዲ 38 ዓመት ሮናልዶ፡ ኣብ 20 ኑሓሰ 2003 እዩ ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ፋልመይቲ ጸወታኡ ኣሰላሲሉ። ኣብዚ ናይ ክልተ ዕቑድ ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ 122 ሸቶታት ኣመዝጊቡ እዩ - ናብዚ ጸወታ ኣትዩ ነይሩ። ሃገሩ ንመጋጥምታ ኣይስላንድ 1-0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ድማ፡ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ወሳኒት ሸቶ ብምቕጻር፡ ነታ ክብረወሰን ዝሰደላ ምሸት ደምቀት ወሲኹላ።

ብዘይካዚ፡ ሮናልዶ፡ በዛ ሸቶ ተሓጊዙ ነቲ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ሒዝዎ ዘሎ 'ዝበዝሐ ሸቶታት' ዝብል ክብሪ - ናብ 123 ክብ ኣብልዎ ኣሎ። እዚ ሓሊፉ ጋንታ፡ ናይ ፈለማ ኣህጉራዊ ሸቶኡ ኣብ 2004 ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ግሪኽ እዩ ኣመዝጊቡዎ። "ዝይእመን ዘርግምን ዓወት እዩ። ብርግጽ ድማ መዐወቲት ሸቶ ከተመዝግብ ምቁር እዩ" ኢሉ፡ እዚ ኣብ ኢንስታግራም ዝለዓለ ቀጻሪ ተኸታተልቲ (500 ሚልዮን) ዘለዎ - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ።




## ሃገራዊ ፈደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ስልጠና ሂቡ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ፡ ካብ 13 ክሳብ 17 ሰነ ክህቦ ዝጸንሐ ናይ ኮሚሽነራት ስልጠና ዛዚሙ።

እቲ ንተኸታታሊ 5 መዓልታት ክወሃብ ዝቖየ ስልጠና፡ ካብ ሽደሽተአን ዞባታት ሃገርና ዝተዋጽኡ 18 ሰልጠንቲ ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፡ ብኢንስትራክተራት ልኡልሰገድ ተስፋሚካኤልን ትኩእ ገዕሽን እዩ ተዋሂቡ። ዕላማኡ ከኣ፡ ኮሚሽነራት ቅድሚ ኣብ ውድድር ምእታዎም ፍልጠቶም ምዕባይን፡ ምስ ዝተሓደሱ እዋናውያን ሕግታት ፊፋን ካፍን ምልላይን ተመኩሮ ምቕሳምን ምዃኑ ተገሊጹ።



ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ኣብቲ ዕለት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ ንዝተዋህቦም ስልጠና ብግቡእ ተኸታቲሎም ብዓወት ምዝዛሞም የሓና ድሕሪ ምግላጽ ካብ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብምብጋስ ኣብዚ ዓውዲ ዓቢ ኣበርክቶ ክገብሩን ኣብ ንጥፈታት ኩዕሶ እግሪ ጸቒጦም ክሰርሑን ተላቢዩ።

ኢንስትራክተር ትኩእ ገዕሽን ወከል ሰልጠንቲን ኣብቲ ኣጋጣሚ ቃል ኣብ ዘስምዑሉ ድማ፡ ንምምዕባል ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ብልዑል ጾዕሪ ክምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሰልጠንቲ ካብ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ሰርቲፊኬት ምቕባሎም፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ውድድር 'እዚ ተወርዋሪ' ቀጺሉ

ቅኑ ስፖርት 'እዚ ተዋርዋሪ' ሓይሊ፡ ዝሓለፈ መዓልታት ምቕጻሉ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ባርዕ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ኣድያም ተኸለ ብዘመዝገበታ ሸቶ ንዛራ 1-0 ሰዒራታ። ብደሆ ከኣ፡ ንመድሕን 2-0 ኣሰኒፋታ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣልጌንን መድሕንን ክፋለማ ከለዋ፡ መድሕን ካብ ሮቤል ኣለም ብዘመዝገቦ እንኮ ሸቶ ተዓዊታ። ባርዕ ከኣ፡ ንብደሆ 2-0 ረቲዓታ።

ብዘውሳኺ፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓዲ ሮሶ ንመድሕን፡ ዓዲ ሮሶ (ንጽባሒቱ እዩ) ንየኮር ብተመሳሳሊ 2-0፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣልጌን ንየኮር 3-0፡ ብደሆ ንዛራ 3-2 ኣሰኒፈናአን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ፍርቂ ማራቶን (21 ከሎሜተር) ውድድር ደቂ ተባዕትዮ እውን ተኻይዱ ነይሩ። ኣምባሳደር ወልደሚካኤል - ዓዲ ሮሶ፡ በረኸት ዑቕባጼን - ሓሬና፡ ጎይትኦም ሳህለ - ዓዲ ሮሶ፡ ዓበለል ከሰተ፡ ሙሴ ክፍለማን ደኽኣሎ ተስፋሚካኤልን ድማ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።



## "ፕሪመር ሊግ፡ ተጻወትቲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ምስግጋር ደው ከብሎ ኣለዎ" ኔቭል

እንግሊዛዊ ተንታኒ ኩዕሶ እግሪ - ጋሪ ኔቭል፡ ኣካየድቲ ፕሪመር ሊግ፡ እዚ ውድድር ኣብ ሓደጋ ከምዝይወድቕ ክሳብ ዘረጋግጹ ተጻወትቲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ካብ ምስግጋር ደው ከብሉ ጸዊዑ።

"ሳውዲ ፕሮ ሊግ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ኣቐዲሙ ንሮናልዶ ምምጻኡ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ ናይ ክረምቲ ማስርሕ ምስግጋር ከኣ ንበንዜማን ካንተን ኣማዒዙዎም ኣሎ። ብርክት ዝበሉ ብፍላይ ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ጸወታ ግዜኦም ዘለዉ ተጻወትቲ ንምምጻእ'ውን ይሰርሕ ምህላዉ ይግለጽ። ንመሲ፡ ንምፍራም ዓቢ ወፍሪ ገይሩ ነይሩ እዩ - እዚ ኣርጀንቲናዊ ግና፡ ናብ ኣመሪካ ኣቕኒዑ።

ኣብዚ እዋን ከኣ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝመደበርም ተጻወትቲ፡ ኣከፋፋሊ ዎልቭስ ሩበን ነቨስ፡ ተጻወትቲ ቸልሲ ኩሊባሊን ዚያችን ከምኡ'ውን ኣከፋፋሊ ኣርሰናል ፓርተይ ኣሰምዮም ምስዚ ሊግ ተኣሳሲሩ ይጽዋዕ ኣሎ። ነዚ ዝተዓዘበ ኔቭል ከኣ፡ እዚ ሊግ ደው ክብሎ ይጽውዕ ኣሎ። ንሱ፡ "ፕሪመር ሊግ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ዝግበር ዝውውር ተጻወትቲ ብቐጽበት ክእግዶ ኣለዎ። ምኽንያቱ ሓደጋ እዚ ውድድር ከይጎድል" ክብል እምነቱ ገሊጹ።

## ቅንጥብጣብ

* ቶኒ ክሩስ፡ ክሳብ ሰነ 2024 ዝጸንሕ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ። እዚ ጀርመናዊ ብሉጽ ኣከፋፋሊ፡ ነዚ ሎሚ ዓመት ዘብቅዕ ዝነበረ ውዕሉ ብምሕዳሱ፡ ን10ይ ዓመቱ ኣብዛ ማድሪዳዊት ጋንታ ክጸንሕ እዩ።

* ኣርሰናል፡ ንደክላ ራይስ ንምፍራም ዘቕረበቶ ናይ 90 ሚልዮን ፓውንድ ካልኣይ ጨረታ፡ ቢታ ዋንጫ ኮንፈረንስ ሊግ ዝዓተረት ክለብ ዌስትሃም ተነጺጉ። ኣርሰናል፡ ኣቐዲማ 80 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ ቀሪባ'ውን ሰሚዒ እኳ ኣይሰኣና እያ።

* ሮማ፡ ንኢቫን ንዲካ ብናጻ መስርሕ ምስግጋር ብምውሳኑ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል ኣፈሪሙቶ። "ናይዛ ክለብ ታሪኽን ዝናን እዩ ክጸምበራ ገይሩኒ። ከተማ ሮማ፡ ኩዕሶ እግሪ እትፈቱን ክትንብረላ ምቹእትን ፍልይቲ ከተማ እያ።" ኢሉ፡ እዚ ኣብዚ ክረምቲ ካብ ኢንትራክት ፍራንክፈርት ድሕሪ ምውጻኡ ናጻ ዝጸንሐ ፈረንሳዊ ተኸላኻሊ።



# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ፈረንሳ ኣብ ዋዕላ ‘ብሪክስ’ ናይ ምስታፍ ድሌት ተርኢ


ፈረንሳ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ነሓሰ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ክእንገድ ምድላዋት ዝገበረሉ ዘሎ ዋዕላ ሃገራት ‘ብሪክስ’ ክትዕደም ሕቶ ከምዝቕረበት ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈረንሳ ካትሪን ኮሎና ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ሃገራ ኣብቲ ንሩስያ፡ ቻይና፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ብራዚልን ህንድን ዝጠርንፍ ውድብ ዝካየድ ዋዕላ ክትሳተፍ ድሌት ከምዘለዋ፡ ድሮ እውን ብዛዕባዚ ጉዳይ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃዊ መዘናኣ ናሌዲ ፓንዶር ተራኺባ ከምእተዘራረበት ኣረዲኣ።

ውድብ ‘ብሪክስ’ እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ውድብ ብምዃኑ፡ ብሓያሎ ፖለቲከኛታት ከም መተካእታ ናይቲ ብጉጅለ 7’ ዝጸዋዕ ብኣመሪካ ዝምራሕ ውድብ ከምዝርአ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ፕረዚደንት ናይቲ ውድብ ኣብዚ እዋንዚ ደቡብ ኣፍሪቃ ኮይና፡ ዛጊት ንሕቶ ፈረንሳ ዝሃበቶ ምላሽ የለን።

እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሪል ራማፖዛ፡ ዝመጽእ ሰሙን ናብ ፓሪስ ኣብ ዝካየዶ ዋዕላ ክትሳተፍ ድሌት ከምዘለዋ ዝካየዶ ምብጻሕ፡ ነቲ ሕቶ መልሲ ክህበሉ ትጽቢት ከምዘሎ ጸብጻባት ይእምቱ።



ኣባል ሃገራት ብሪክስ፡ ኣቐዲሞም ብሃገራት ምዕራብ ተዓብሊሉ ዘሎ ዓለምለኻዊ ስርዓት ደው ኣብሉ፡ ሚዛናዊ ብዙሕ ኣህጉራዊ ስርዓት ክትካእ ከምዝሰርሑ የፍልጡ።

## ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ኣርባዕተ እስራኤላውያን ቀቲሉ

ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ሓደ ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ኣብ ልዕሊ እስራኤላውያን ሰፈርተኛታት ብዝፈነዎ መጥቃዕቲ፡ ኣርባዕተ ሰባት ከምእተቐትሉ ሰብ መዚ ተልኣኽቲ ሓቢሮም።



እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ጥቓቲ ሰፈራታት ኣይሁድ ዝተደኮኑ ከባቢታት ከምእተፈጸመን ብውሕዱ ካልኦት ኣርባዕተ ሰባት ከምዝቖሰሉን እቲ ዝዘርገሐ ሓበሬታ ኣፈሊጡ።

ፍልስጤማዊ ጉጅለ ሓማስ ብወገኑ፡ እቲ ቅትለት ናይ ኣርባዕተ እስራኤላውያን፡ ከም ሕነ ናይቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኣባላቱ ዝወሰደቶ መጥቃዕቲ፡ ብዙሓት ኣባላቱ ዝተፈጸመ ምዃኑ ገሊጹ። ክልቲኦም ዕጡቓት ደማ ሸዑ ንሸዑ ብእስራኤላውያን ከምእተቐትሉ ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ሰሉይ፡ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ከባቢ ከተማ ጀኒን ብዝፈጸማ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ሸዱሽተ ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ከምእተቐትሉን ኣስታት 90 ከምዝቖሰሉን ምንጭታት’ቲ ከባቢ ይሕብሩ።

ድሕሪ’ቲ መጥቃዕቲ፡ እስራኤል ኣብ ከባቢታት ምዕራባዊ ገማግም ዝርከብ ሰራዊታ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሕ ኣዚዛ ኣላ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታትን መንፈቕን፡ ኣብ ከባቢታት ምዕራባዊ ገማግም ግጭት እስራኤላውያንን ፍልስጤማውያን እናዓረገ ይመጽእ ምህላዉ ይፍለጥ።

ሓማስ ኣብ ልዕሊ ሰፈርተኛታት እስራኤላውያን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ቀዳማይ እስራኤል በንያሚን ነታንያሁ፡ ሃገሩ ድሕሪታ ንምውሳድ ዘይተገደበ ሓይሊ ከምእትጥቀም ኣጠንቂቑ ኣሎ።

## ኢራን፡ ላዕለዋይ ዲፕሎማሰኛ ናብ ዖማን ልኢኻ

ኢራን ምስ ሓያሎ መቐናቕንታ ዝነበራ ሃገራት ዳግማይ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ንምምስራት ኣብ እትጽዕረሉ ዘላ እዋን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ሑሴን ኣሚር ዓብደሎሓዬን ናብ ዖማን ከምዝለኣኸት ሓቢራ።

እቲ ኢራናዊ ሚኒስተር ነቲ ኣብ መንጎ ሃገሩን ዖማንን ተበቲኹ ዘጸንሐ ዝምድና ዳግማይ ንምጽጋን ኣመልኪቱ ምስ ሰበ ስልጣን’ታ ሃገር ከምእተዘራረበ ተገሊጹ።

ኢራን ኣቐዲማ ምስ ኣመሪካ እተካይዶ ዝርርብ ብመንገዲ ዖማን ተካይዶ ምንባራ፡ እንተኾነ ድሒሩ ዝምድናኣ ምስ ዖማን ዛሕቲሉ ምንባሩን ይሕበር።

ኣብ መንጎ ሰበስልጣን ኢራንን ዖማንን ዝካየድ ዝርርብ፡ ንዝምድና ክልቲአን ሃገራት ናብ ንቡር ከምጽእ ዝለዓለ ትጽቢት ከምዘሎ እዩም ጸብጻባት’ቲ ከባቢ ዘመልክቱ።

ኣቐዲማ ኢራን፡ ምስ ሰዑዲ ዓረብ፡ ኢማራት ዓረብ፡ ግብጽን ካልኦት ሃገራት ዓረብን ዝነበራ ፍልልያት ብልዝብ ንምፍታሕ ከምእተሰማመዐት ይፍለጥ።

ብዘይካ’ዚ እታ ካብ ኣመሪካን እስራኤልን ተሪር ተጻብኦታት ዝገጥማ ዘሎ ሃገር፡ ኣብቲ ንሩስያን ቻይናን ዝጠርንፍ ውድባት ‘ብሪክስ’ን ‘ምትሕግጋዝ ሻንግሃይ’ን ክትጽንበር ኣብ ምስርሕ ከምእትርከብ ይንገር።



## ፖሊስ ኡጋንዳ፡ ጥርጡራት ጃምላዊ ቅትለት ተመሃሮ ይሃድን

ፖሊስ ኡጋንዳ ምስቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት 42 ተመሃሮ ብዝተሓሓዘ ጉዳይ ሓያሎ ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተወ ኣፍሊጡ።



በቲ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ዝተፈጸመ ቅትለት ዝተጠርጠሩ፡ ርእሰመምህርን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ናይቲ ትካል ዝርከብዎም ዛጊት 20 ሰባት ድሮ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከምዘለዉ ደማ ምንጭታት ጸጥታ’ታ ሃገር ሓቢሮም።

እቲ ንምሉእ ሃገር ዘሰንበደ ፍጻመ ቅትለት ተመሃሮ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ‘ልዝብሪዥ’ ዝተባህለት ኣብ ከባቢ ዶብ ኡጋንዳን ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን እትርከብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከፍጸም እንከሎ፡ ናይ ነበርቲ’ቲ ከባቢ ኣድ ዘለዎ እንተኾይኑ ንምፍላጥ እውን ክምርመር ከምዝደሊ እቶም መቐርብ ግዳያት ሓቲቶም። መቐርብ ናይቶም ግዳያት እቲ ኣብ ልዕሊ ንጹሃን መንእሰያት ዝተወስደ ጨካን ተግባራት፡ ብመንግስቲ ስለምንታይን ከምእተፈጸመ ንምፍላጥ ወግዓዊ መርመራ ክካየድ ኣዚዞም።

ሰራዊት ኡጋንዳ ብወገኑ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ተመሃሮ ዝተፈፅመ ቅትለት ምስ ጉጅለ ዳዒሽ ምትእስሳር ብዘለዎ ኣብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዝመደበሩ ‘ኪዳን ደሞክራሲያዊ ሓይሊ’ ዝተባህለ ጉጅለ ከምእተፈጸመ እዩ ዝሓስስ። እንተኾነ፡ እቲ ናይ ኣልማማ ቅትለት ምስ ካልእ ጉጅለ ምትእስሳር ከይህልዎ እውን ተጠርጢሩ ብምህላዉ ጽዑይ መርመራታት ይቕጽል ከምዘሎ ምንጭታት ኡጋንዳ ይሕብሩ።

ነቲ ተግባራት ዝፈጸሙ ዕጡቓት፡ ናብ ክፍሊ መደቀሲ ተመሃሮ ብምእታው ባርዕ ከምዝደርብዩሉን ካብኡ ንዝወጹኡ ድማ ብጠያይትን ካራታን ከምዝቐተሉዎምን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ምስ ጉጅለ ዳዒሽ ጥቡቕ ምትእስሳር ከምዘለዎ ዝነገረሉ ኣብ ዶብት ደሪኮንጎ ዝንቀሳቐስ ጉጅለ ‘ኪዳን ደሞክራሲያዊ ሓይሊ’፡ ኣብ ኡጋንዳ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ከፊቱ ምንባሩ ይንገር።

## ሶማል - ኣብ ፑንትላንድ ብዝተወልዐ ግጭት 36 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሶማል - ዞባ ፑንትላንድ ኣብ መንጎ መንግስቲ ከባብያዊ ምምሕዳር ኣብ ዝተኣኻኸቡ ነበርቲ ... ኣብ ሶማል - ዞባ ፑንትላንድ ኣብ መንጎ መኹየም ዘይተዛረሩ ክልተ ተቐናቐንቲ ወገናት ብዝተወልዐ ግጭት፡ ብውሕዱ ህይወት 36 ሰባት ከምዝጠፍአ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ፑንትላንድን ዞባ ታሕተዋይ ሸበለን ዝተራእየ ግጭት ዝተወልዐ፡ ድሕሪቲ ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታት ናይቲ ከባቢ ዝተፈጥረ ምትፍናን እዩ።

ገለ ኣባላት ባይቶ ፑንትላንድ፡ መራሒ ናይቲ ዞባ ሰዒድ ዓብዱላሂ ደኒ፡ ገደብ ስልጣኑ ንምንዋሕ ሕገመንግስቲ ክቕይር ይፍትን ከምዘሎ እዮም ዝሓስሱ።

ኣብቲ ትማሊ ሰሉስ ዝተወልዐ ግጭት፡ ኣብታ ርእሰከተማ ፑንትላንድ ምዃና እትጥቀስ ከተማ ጋሮዊ ጥራይ ፈቓዶኡ ዝተደርበየ 26 ሬሳታት ከምእተቐብረ ነበርቲ’ታ ከተማ ንምዕቡናት ዜና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ገሊጾም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሶማል ሓምዛ ዓብዲ ባረ ብወገኑ፡ ፖለቲከኛታት ዞባ ፑንትላንድ ነቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ግጭት ደው ኣቢሎም ጸገማቶም ብዘተን ዕርቅን ክፈትሑ ተማሕጺኑ።

ብዘይካ’ዚ ኣብ ጥቓ ሞቓዲሾ ኣብ እትርከብ ንእሽቶ ዓዲ ብናይ ርሑቕ መቈጻጸሪ ብዝተተኮሰ ክልተ ነጎጉ፡ ቀጸርም ብልክዕ ዘይተፈልጠ ሓያሎ ሰባት ከምዝሞቱ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ኣብ ሶማል፡ ትማሊ ብዋጭት ሓያሎ ሰባት ከምዝሞቱ ዝገለጸ ዘሎ፡ ሰራዊት መንግስቲ ሶማል ኣንጻር ዕጡቓት ኣልሸባብ ኣብ ዘካይዶ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣብ ልዕሊ’ቲ ሽበራዊ ጉጅለ ደዕወት ከምዘሎ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣቐዲሞ መንግስቲ ኡጋንዳ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ሶማል ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከሩ ብኣልሸባብ ኣብ ዝተጠቕዓሉ እዋን ህይወት 54 ኣባላት ሰራዊት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኾኑ ዜጋታቱ ከም እተቐትሉዎ ምግላጹ ይዝከር።

መንግስቲ ኡጋንዳ ኣብ ሶማል ኣብ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ተልእኾታት ተዋፊሮም ዘለዉ 2 ሽሕ ሰራዊቱ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ሰነ ጠቕሊሎም ክወጽኡ ምዃኖም እዩ ዝገለጸ።




ኣብ ሶማል ካብ 15 ሃገራት ዝተዋጽኡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰራዊት ሕብረት ኣፍሪቃ ተዋፊሮም ከምዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኪዳነ-ምሕረት | 22/06/2023 | ጎደና ሱሓርቲ - 835 ቁ.115፡ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services